# ሓለዋ ናይ ግሊ ኮንትራክተር ትእዛዝ ሓቅታት ዝሓዘ ወረቐት

ትርጉም ናይ'ዚ ሰነድ ኣብ (206) 256-5297 ኪርከብ ይከኣል እዩ።



ናይ ሲያትል ድንጋገ ሓለዋ ናይ ብርእሱ ዝመሓደር ኮንትራክተር ትእዛዝ፡ እቶም ኣስራሕቲ ኣካላት ነቶም ብርእሶም ዚመሓደሩ ኮንትራክተራት ቅድሚ ዉዕልን ምእሳሮምን ከምኡድማ ኣብ እዋን ክፍሊትን መግለጺ ሓበሬታ ኺህብዎም ይእዝዝ። እቶም ብርእሶም ዚመሓደሩ ኮንትራክተራት ቅድሚ ወይ ኣብ'ቲ ብመሰረት ውዕል ኩንትራት፡ ብቐድሚ ዉዕል ዝተገለጹ ነጥብታት፡ወይድማ ኣብ ዉሽጢ 30 መዓልታት እቲ ክፍሊት ዝፍጸመሉ ዕለት ክፍሊት ክወሃቦም ኣለዎ። እዚ ሕጊ እዚ 1፡ **መስከረም** 2022 ኣብ ግብሪ ክውዕል እዩ።

## ሽፋን

**ኣየኖት ሰራሕተኛታት እዮም በዚ ሕጊ እዚ ዚሽፈኑ?**

ሓደ ብርእሱ ዝመሓደር ኮንትራክተር ማለት ንገዛእ ርእሱ ቆጺሩ ብክፍሊት ኣገልግሎታት ንምሃብ ብሓደ ዝቖጽር ትካል ተቖጺሩ ዝሰርሕ ሰብ እዩ። እዚ ሕጊ እዚ ብዘይካ[1] ኣብ ታሕቲ ተዘርዚሮም ዘሎዉ ሒደት እንተዘይኮይኑ፡ ንኹሎም እቶም ብርእሶም ዚመሓደሩ ኮንትራክተራት ዚምልከት እዩ።

**ኣየኖት ኩባንያታት እየን በዚ ሕጊ እዚ ዚሽፈና?**

እዚ ሕጊ እዚ ነተን ንመኽሰብ-ዘይሰርሓ ትካላት ሓዊስካ ብስሩዕ ኣብ ንግዲ ወይ ንግዳዊ ንጥፈታት ዝዓያ ኣስራሕቲ ኣካላት ይምልከት።

**ኣየኖት ውዕላት ኢዮም በዚ ሕጊ እዚ ዚሽፈኑ?**

እዚ ሕጊ እዚ ናይ ውዕላት ባህርይ ኣገልግሎቶምን ከምኡድማ ዋጋ ኣገልግሎቶምን ተመርኩሱ ዝሽፍን ኢዩ።




[1] እቶም በዚ ሕጊ እዚ ዘይተሸፈኑ ብርእሶም ዚመሓደሩ ኮንትራክተራት፣ ጠበቓታት፣ ሓደ ብርእሱ ዚመሓደር ኮንትራክተር ምስ ኣስራሕቲ ኣካል ዘለዎ ርክብ ኣብ ውዕል ክራይ ንብረት (ንኣብነት መሻጢ ጸጕሪ ኣብ ሳሎን ዚርከብ ዳስ ዚተኻረየ) ዝተወሰኑ ኣብ ዝኾነሉ፣ ከምኡ'ውን ካልኦት ብመሰረት ሕጊ ዳይረክተር ቤት ጽሕፈት ዕዮ ዝተገልጹ ብርእሶም ዚመሓደሩ ኮንትራክተራት እዮም። እቲ ሕጊ ናይ ምውጻእ መስርሕ ኣብ መጀመርታ/መፋርቕ 2022 ክፍጸም ትጽቢት ይግበረሉ። ኣብ ጋዜጣ ቤት ጽሕፈት ደረጃታት ዕዮ (OLS) ተመዝገብ ወይ ከኣ ነቲ እዋናዊ ሓበሬታ እንተ ደሊኻ ኣብ መርበብ ሓበሬታ ቤት ጽሕፈት ደረጃታት ዕዮ ርአ፦ www.seattle.gov/laborstandards።

ቤት ጽሕፈት ደረጃታት ዕዮ ሲያትል

*እዚ ሰነድ እዚ ብዛዕባ እቲ ሕጊ መብርሂ ይህብ። መዘኻኸሪ፡ እቲ ብቤት ጽሕፈት ደረጃታት ዕዮ ዚወሃብ ሓበሬታ ከም ሕጋዊ ምኽሪ ኹይኑ ኣየገልግልን፡ ውሳነ ተወካሊ/ኤጀንሲ ተራ ክህልዎ ኣይኽእልን፡ ወይ ከዓ ንኣንባቢ ናይ ዓቃብ ሕጊን ዓሚልን ዝምልከት ፍሉይ መሰል ኣይህብን እዩ። እዚ ንሕግታትን መምርሒታትን ከም መተካእታ ኮይኑ ኣብ ጥቕሚ ክውዕል የብሉን።*

Seattle Office of Labor Standards

## ረቛሒታት

**ረቛሒታት ግዜኡ ዝሓለወ ክፍሊት**

ኣስራሕቲ ኣካላት ነቲ ብርእሱ ዝመሓደር ኮንትራክተር ኣብ ታሕቲ ተገሊጹ ዘሎ መሰረት ብምግባር "ግዜኡ ዝሓለወ ኽፍሊት" ክህባኡ ኣለወን ፡

1) ናይ'ቲ ኩንትራት ዉዕላት፡
2) ውዕላት ቅድሚ-ኮንትራት ምፍላጥ፣ ወይድማ
3) ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲታት።

**ናይ ምግላጽ ረቛሒታት**

ኣስራሕቲ ኣካላት ***ብዘይካ*** መራሕቲ መኻይን ኩባንያ መርበብ መጓዓዝያ (ንኣብነት መራሕቲ ማካይን ኡበርን ሊፍትን) ንዅሎም እቶም ሽፋን ዘለዎም ብርእሶም ዚመሓደሩ ኮንትራክተራት ናይ ቅድሚ ውዕል ኰነ ናይ ግዜ ኽፍሊት ምግላጻት ዕላው ክገብሩ ኣለዎም። ኣብዞም ዝቕጽሉ ኣዋርሕ፡ ቤት ጽሕፈት ደረጃታት ዕዮ ሲያትል (OLS) ኣስራሕቲ ኣካላት ነዚ ሓበሬታ እዚ ንምሃብ ኪጥቀሙሉ ዚኽእሉ ኣብነታት መስርሒ ኪልእኽ እዩ-ንእዋናዊ ሓበሬታ ኣብ'ዚ መርበብ ሓበሬታና ርኣዩ።

### 1. ናይ ቅድሚ-ኮንትራት ምግላጽ ረቛሒታት

| | |
|---|---|
| ▪ *ዕለት* | ▪ *መሰረት ክፍሊት* |
| ▪ *ስም ብርእሱ ዚመሓደር ኮንትራክተር* | ▪ *መቐሽሽ ከምኡ'ውን/ወይ ፖሊሲ ምክፍፋል ክፍሊት ኣገልግሎት* |
| ▪ *ስም ቆጻሪ ኣካል + ኣድራሻ ሓበሬታ* | ▪ *ናይ ስራሕ ወጻኢታት ኮይኖም ብኣስራሕቲ ኣካላት ዝኸፈሉ ወጻኢታት* |
| ▪ *መግለጺ ናይ ስራሕ* | ▪ *ዝጎደሉ፡ ክፍሊታት፡ ወይ ዋጋታት* |
| ▪ *ኣድራሻ ስራሕ* | ▪ *መደብ ክፍሊት* |
| ▪ *መጠን ወይ መጠን ክፍሊት* | |

### 2. ረቛሒታት ምግላጽ ግዜ ኽፍሊት

| | |
|---|---|
| ▪ *ዕለት* | ▪ *መቐሽሽ ከምኡ'ውን/ወይ ፖሊሲ ምክፍፋል ክፍሊት ኣገልግሎት* |
| ▪ *ስም ብርእሱ ዚመሓደር ኮንትራክተር* | ▪ *መሰረት ክፍሊት* |
| ▪ *ስም ኣስራሒ/ቆጻራይ ኣካል* | ▪ *ብኣስራሒ ኣካል ተመላሲ ዝተገበሩ ወጻኢታት* |
| ▪ *መግለጺ ብክፍሊት ዝተሸፈኑ ኣገልግሎታት* | ▪ *ጠቕላላ ክፍሊት* |
| ▪ *ብኽፍሊት ዚተሸፈነ ኣገልግሎት ዚርከበሉ ቦታ* | ▪ *ዝጎደል* |
| ▪ *መጠን ወይ መጠን ክፍሊት* | ▪ *ዝተጻረየ ክፍሊት ድሕሪ ምጉዳል* |

## ቤት ጽሕፈት ደረጃታት ዕዮ ሲያትል

ተልእኾና ብተገዳስነት ማሕበረሰብን ብተሳትፎ ንግዳዊ ስራሕን፡ ስልታዊ ኣፈጻጽማን ከምኡ'ውን ዕብየት ፖሊሲ ፈጠራን፡ ዓሌታዊን ማሕበራዊን ፍትሒ ንምስፋን ብቑራጽነት ብምንቅስቓስ ፣ ደረጃታት ስራሕ ንቕድሚት ከምዝስጉም ምግባር ኢዩ።

**ኣገልግሎታትና**

ናይ ጥርዓናት ምጽራይ።
ንሰራሕተኛታት ዝግበር ምብጻሕ
ተክኒካዊ ሓገዝ ንቢዝነስ
ምንጪታትን መወከሲታትን

ናይ ዝርርብ ትርጉም ከምኡድማ ናይ ጽሑፍ ትርጉም ክርከብ ይኽእል እዩ። ንስንኩላን ዚኸውን መሳለጥያ ይቐርብ እዩ። ኣገልግሎታት ብናጻ እዮም ዝቐርቡ።

**ዝያዳ ሓበሬታ**

ናብ (206) 256-5297 ይደውሉ፥
ናብ laborstandards@seattle.gov ኢ-መይል ይልኣኹ፡-
ናብ seattle.gov/laborstandards ይወከሱ፡-

## ምንጪታት

**ቀጻልቲ ንዝኾኑ ሓደሽቲ ሓበሬታታት፡ ኣብ** www.seattle.gov/laborstandards **።መርበብ ሓበሬታና ተወከሱ ወይ ናይ ጋዜጣና ተጠቃማይ ንምኳን ተመዝገቡ።**

ብዛዕባ እቲ ብርእሱ ሓሲቡ ዚዓዩ ውዕል ዕቑባ ዚገልጽ ኣዋጅ ዝያዳ ኣንብብ፡-
http://www.seattle.gov/laborstandards/ordinances/independent-contractor-protections-


ቤት ጽሕፈት ደረጃታት ዕዮ ሲያትል

*እዚ ሰነድ እዚ ብዛዕባ እቲ ሕጊ መብርሂ ይህብ። <u>መዘኻኸሪ</u>፡ እቲ ብቤት ጽሕፈት ደረጃታት ዕዮ ዚወሃብ ሓበሬታ ከም ሕጋዊ ምኽሪ ኾይኑ ኣየገልግልን፡ ውሳነ ተወካሊ/ኤጀንሲ ተራ ክህልዎ ኣይኽእልን፡ ወይ ከዓ ኣንባቢ ናይ ዓቃብ ሕጊን-ዓሚልን ዝምልከት ፍሉይ መሰል ኣይህብን እዩ። እዚ ንሕግታትን መምርሒታትን ከም መተካእታ ኮይኑ ኣብ ጥቕሚ ክውዕል የብሉን።*